Bayerisches Staatsministerium der Justiz

ናይ ባየር ክፍለ ሃገር ናይ ፍትሒ ሚኒስተር



# ሓዳር፣ ስድራቤት፣ ኣታዓባብያ ቈልዑ

## ሓዳር ምምስራት

ኣብ ጀርመን ቃል ኪዳን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ክብሪ መዝገብ (Standes-amt) ኬድካ እዩ ዝፍጸም። ቃል ኪዳን ኣብ ቅድሚ ቀሺ ወይ ኣብ ኢማም ምፍጻም ተቐባልነት የብሉን። ብተወካሊ ቃል ኪዳን ምፍጻም ኣይፍቀድን።መርዓ ብሓይሊ ምግዳድ ፍቑድ ኣይኮነን።

## ናይ ብዓል ቤትን ብዓልት ቤትን ማዕርነት



ብናይ ጀርመን ሕጊ ብዓል ቤትን ብዓልት ቤትን እቲ ናይ ሓዳር ናብራ ብማዕርነት የካይድዎ። ። መን ናብ ስራሕ ይዋፈር መን ንቈልዑ ይከናኸን መን ናይ ገዛ ስራሕ ይሰርሕ፣ እዞም ሕቶታት እዚኦም ብዝምልከት ክልቲኦም ማዕረ ናይ ምውሳን መሰል ኣለዎም ። ብዓል ቤት ኣብ ልዕሊ ብዓልት ቤቱ ናይ ምውሳን መሰል የብሉን። ብዓልት ቤት ኣብ ልዕሊ ብዓል ቤታ ናይ ምውሳን መሰል የብላን። ዋላ ኣተዓባብያ ቈልዑ ዝምልከት'ውን ወለዲ ብማዕረ እዮም ክውስኑ ዝኽእሉ።

## ወለዲ ንደቆም ዘለዎም ሓላፍነት



ቈልዑ ብዘይ ማህረምቲ ንክዓብዩ፣ ጥዕናኦም ንክሕለዎሎም ፣ ንኽማሃሩ ፣ ናይ ሞያ ስልጠና ንኽገብሩ መሰል ኣለዎም። እዞም መሰላት ወይ ብወላዲ ፣ ወይ ብወላዲት ወይ ብክልቲኦም ወለዲ እንተተጣሒሶም ፣ ናይ መንእሰያት ጒዳይ ዝካታተል ቤት-ጽሕፈትን (Jugendamt) ናይ ስድራ ቤት-ፍርድን ጣልቃ ክኣትው ይኽእሉ እዮም። ወለዲ እንተተባኢሶም ናይ ስድራ ቤት-ፍርዲ እቲ ናይ ወለዲ ቈልዑ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ነቲ ኣቦ ወይ ነታ ኣደ ወይ ንሓደ ካልእ ሰብ ክህብ ይኽእል እዩ። እቲ ሰብ ናይቶም ቈልዑ ኣታዓባብያ ብዝምልከት ናይ ምውሳን መሰል ኣልዎ።

## ፍትሕን ዝስዕቡ ውሳነታትን

ብናይ ጀርመን ሕጊ፣ ዝኾነ ብዓል ቤት ናይ ፍትሕ ምልክታ ከቕርብ ይኽእል እዩ ፣ ዝኾነት ብዓልት ቤት ናይ ፍትሕ ምልክታ ክተቕርብ ትኽእል እያ ። እዚ ዝኸውን እቲ ሓዳር እንድሕር ፈሪሱን እቶም ሰብ ሓዳር ልዕሊ 1 ዓመት ተፈላልዮም እንድሕር ጸኒሖምን እዩ። ናይ ፍትሕ ምልክታ ንምቕራብ መን ኣብቲ ናይ ሓዳር ምፍራስ በደለኛ እዩ ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ ኣይኮነን ። እቲ ናይ ስድራ ቤት-ፍርዲ ቀለብ ምኽፋል ዝምልከትን ፣ ድሕሪ ፍትሕ እቶም ቈልዑ ምስ መን ከምዝዓብዩን ይውስን ። ከምኡ'ውን እቶም ሰብ ሓዳር እንተዘይተሰማሚዖም ፣ መን ነቲ ናይ ሓባር ዝነበረ ገዛ ብቐጻሊ ከምዝቕመጦ እቲ ቤት-ፍርዲ ይውስን።

## ዓመጽ / ሓይሊ ምክልኻል

ዝኾነ ብዓል ቤት ናይ ብዓልት ቤቱ ሓይልን ወይ ከም ማህረምትን ጸርፍታትን ምውራድን ዘኣምሰሉ ኢሰብኣዊ ተግባራት ክጻወር ይብሉን። ዝኾነት ብዓልት ቤት ናይ ብዓል ቤታ ሓይልን ወይ ከም ማህረምትን ጸርፍታትን ምውራድን ዘኣምሰሉ ኢሰብኣዊ ተግባራት ክትጻወር የብላን። ፖሊስ ብሓይሊ ንዝተጒድአ ፣ ዋላ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር እውን ፣ ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ኣለዎ። እቲ ናይ ስድራ ቤት-ፍርዲ ንሓደ ውሱን ግዜ ርክብ ክኽልክልን ከምኡ'ውን ንሓዲኦም ካብቲ ናይ ሓባር ገዝኦም ከባርርን ይኽእል እዩ።